HM Government

Grenfell community updates

# Grenfell Tower: September 2025 community update – Tigrinya / ትግርኛ

**ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower): መስከረም 2025 ናይ ማሕበረሰብ እዋናዊ ሓበሬታ**

ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ነቶም በቲ ሓደጋ ኣዝዮም ዝተሃስዩ ዓሚቝ ውልቃዊ ትርጉም ከም ዘለዎን እቲ መሬት ንስድራቤታት ክቡር ምዃኑን ንፈልጥ ኢና። መንግስትን ኮንትራክተራትናን ከመይ ጌሮም ን ግረንፈል ታወር ብኣኽብሮትን ሓልዮትን ከውርድዎ ጀሚሮም ከምዘለዉን ንዓኻትኩም ክትዛረቡና ዕድላትን ነካፍል ኣለና።

ኣብዚ እዋናዊ ሓበሬታ ብዛዕባ እዚ ብዝያዳ ኽትምሃር ትኽእል ኢኻ፡-

- **ንግረንፈል ታወር ብጥንቃቐ ንምውራድ ስራሕ**
- **ትልምታት ምሕደራ ከባቢ ምክፋል**
- **ከመይ ጌርካ ምሳና ክትዛረብ ትኽእል**
- **ናይ ጥዕናን ጽቡቕ ሂወትን ደገፍ**

## ግረንፈል ታወር ብጥንቃቐ ንምውራድ ዝግበር ስራሕ ዝምልከት እዋናዊ ሓበሬታ

መንግስቲ ኣብቲ ቦታ ስራሕቲ ብዝለዓለ ደረጃ ክፍፀሙን ትርጉም እቲ ህንፃ ኣኽቢሩን ንኽፍፀሙ ቆሪፁ ተላዒሉ ኣሎ። እቲ ኣገባብ፡ ነቶም ኣብ ቀረባ ዝነብሩ፡ ዝመሃሩን ዝሰርሑን ከምኡ'ውን ናብቲ ከባቢ ዝመጹን ኣኽብሮቶም ንምፍጻምን ምዝንባዕ ንምንካይ ዝተዳለወ እዩ።

ኣብ ወርሒ ጁላይ፡ እቲ ቀንዲ ኮንትራክተር (DUK) ነቲ ታወር ብጥንቃቐ ንምውራድ ዝስራሕ ስራሕ ብኸመይ ከም ዝፍጽሞን፡ ካብቲ ታወር ዝመጽእ ንብረት ብኸመይ ብኣኽብሮት ከም ነዕርፎን ሓበሬታ ኣካፊልና ነይርና። ነዚ ኣብ ዝስዕብ ብምእታው ከተንብብዎ ትኽእሉ ኢኹም፤ [Grenfell Tower ሳይት ምዕባለ - GOV.UK]።

ኣብ ሓጋይ DCUK ክሬን ምትካልን ንኻልኣይ ባነር ፍሬም ምግባርን ሓዊሱ ናይ ምድላው ስራሕቲ ኣካይዱ። እቲ ካልኣይ ባነር ተተኺሉ ኣሎ፡ እቲ ላዕለዋይ ባነር ድማ ተኣልዩ ኣሎ። እቲ ካልኣይ ባነር ካብ ኣጋግዘ ክሳብ ሰዓት 11 ናይ ምሸት ይበርህ ኣሎ። ነቲ ናይ ተኽሊ ክፍሊ (መሞቒን ታንኪ ማይን ዝሓዘ) ካብ ላዕሊ ግምቢ ንምእላይ ዝግበር ስራሕ ተዛዚሙ ኣሎ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ መንበሪ ደርብታት ስራሕ ተጀሚሩ ኣሎ። እቲ ስራሕ (ካብ ላዕሊ ናይቲ ህንጻ ጀሚሩ) ብተሃዋስነት ካብ ደርቢ ናብ ደርቢ እናወረደ ምስ ከደ እቲ መጠቕለሊ በብቑሩብ ቁመቱ እናነከየ እዩ። እቲ ስራሕ ኣብ 2027 ክዛዘም ትጽቢት ንገብር።

## ምክፋል ትልምታት ምሕደራ ከባቢ

ኣብ ወርሒ ጁላይ፡ ምዝንባዕ ንምንካይን ብዝተኻእለ መጠን ተሃዋሲ ንምኟንን ጽሬት ኣየር፡ ድምጽን ምሕደራ ትራፊክን ብኸመይ ንከታተልን ነመሓድርን ዝብል ሓበሬታ ኣካፊልና ነይርና።

ነቲ ናይ ማሕበረሰብ እዋናዊ ሓበሬታ ኣብዚ ክተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም፤
[Grenfell Tower ሳይት ምዝማን: ምክትታል ከባቢ - GOV.UK]

እዚ እዋናዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ምክትታል ጽሬት ኣየር፡ ደረጃ ሓመድን ድምጽን፡ ከምኡ'ውን ደረት እንተተጣሒሱ እንታይ ስጉምትታት ክንወስድ ኢና ዝያዳ ሓበሬታ ይህብ።

ሓበሬታ ምክትታል ፅሬት ኣየር፣ ድምፅን ምንቅጥቃጥን ወርሓዊ ክሕተም እዩ።

እዞም ዝስዕቡ መደባት ንገብር ኣለና፡ ምሳኹም ክንዛተየሎም ድማ ብሓጎስ ንገልጽ፤

- [ትልሚ ምሕደራ ፅሬት ኣየርን ሓመድን] (Air quality and dust management plan, AQDMP)
- [ትልሚ ምሕደራ ድምጽን ምንቅጥቃጥን] (Noise and vibration management plan, NVMP)

እቶም ትልምታት ንDUK ብኣውሮፓዊ ምክትታልን ምኽርን ከባቢ (European Environmental Monitoring and Consultancy, EEMC) ዝተዳለዉ ኮይኖም፡ እዚ ትካል ኣብ ስራሕ ህንጻት ኣብ ምሕሳብ ከባቢ ዝነጥፍ እዩ።

### ምክትታል ድምጽን ምንቅጥቃጥን

ትልሚ NVMP ኣብ መላእ እቲ ቦታ ስፔሲፊኬሽንን ስትራተጂካዊ ኣቀማምጣን ሞኒተራት ድምጽን ምንቅጥቃጥን ዝገልጽ እዩ።

ቁልፊ ነጥብታት፤

- ኣብ ደቡባዊ ጎኒ እቲ ቦታ ክልተ ናይ ምንቅጥቃጥ ሞኒተራት ተተኺሎም ኣለዉ።
- ኣብ ዙርያ ወሰን እቲ ቦታ ሰለስተ መቆጻጸሪ ድምጺ ተቐሚጦም ኣለዉ፣ እዚ ድማ ኩለመዳያዊ ሽፋን ንምሃብን ምስ ከባብያውን ህንጻትን ዝተኣሳሰር ደረጃታት ድምጺ ኣብ ሓቀኛ ግዜ ንምእካብ ዘኽእል እዩ።
- ምትካል እዞም ሞኒተራት ምስ ብሉፅ ኣሰራርሓን ቁፅፅራዊ መምርሕን ዝሰማማዕ ንቑሕ ምሕደራን ኣብ እዋኑ ምቅላል ፅዕንቶን ንምድጋፍ ዝተዳለወ እዩ።
- እቲ ቦታ ንድምፂ ልዑል ሓደጋ ከምዘለዎ ተገምጊሙ፣ ትልሚ ምሕደራ ድምጽን ምንቅጥቃጥን ድማ ንዕኡ ንምምላስ ዝተዳለወ ውጥን ምቅላል ኣቐሚጡ ኣሎ። እዚ ትልሚ እዚ ምስ መምርሒታት ፎረም ስጉምቲ ድምጺ ሰበስልጣን ለንደን (London Authorities Noise Action Forum, LANAF) ዝሰማማዕ ንኽልቲኡ ስጉምትታት ምቅላልን ፕሮቶኮላት ጽቡቕ ኣሰራርሓን ዘጠቓልል እዩ። እዞም ስጉምትታት እዚኦም ኣብቶም ኣብ ቀረባ ዝነብሩ፣ ዝሰርሑን ዝመሃሩን ሰባት ዝህልዎ ጽልዋ ድምጺ ብኣድማዒ መንገዲ ንምንካይን ምስ ዝምልከቶም ደረጃታት ምኽባር ንምርግጋጽን ዝተዳለዉ እዮም።

- ትልሚ NVMP ደረጃታት ድምጽን ምንቅጥቃጥን ከምኡ'ውን እቶም ደረጃታት እንተተተኪኦም ዝውሰድ ስጉምትን ይገልጽ።

**ምክትታል ፅሬት ኣየር**

ትልሚ ምሕደራ ፅሬት ኣየርን ሓመድን (AQDMP) ካብ ኢንስቲትዩት ምሕደራ ፅሬት ኣየርን (Institute of Air Quality Management, IAQM) በዓል መዚ ዓባይ ለንደንን ብሉፅ (Greater London Authority, GLA) ተሞክሮታት ሓዊሱ ንምክትታል ፅሬት ኣየር ሓበሬታ ዝህብ ሕጋዊ ቅርፅን መምርሕን የቕምጥ።

**ቁልፊ ነጥብታት፤**

- ክትትል ዝግበረሎም በታታት፤ ኣብ ወሰን እቲ ቦታ ሓሙሽተ ሞኒተራት ፅሬት ኣየር ተተኺሎም ኣለው፣ እዚኦም ድማ ነቲ ዘሎ ኣንፈት ንፋስ ንምንፅብራቕን ብመሰረት መምርሒ IAQM ብስትራተጂካዊ ኣገባብ ተቐሚጦም ኣለው።
- ዝግመት ጽልዋ፤ ምስቲ ኣብ AQDMP ዝተዘርዘረ ናይ ምቅላል ስጉምትታት፡ ምስ መምርሒታት IAQMን GLAን ዝሰማማዕ፡ ተረፍ ውጽኢት ሓመድ ዘመንጩ ንጥፈታት ርኡይ ከምዘይከውን ይግመት።
- ናይ መጠንቀቕታን መልስን ፕሮቶኮላት፤ እቲ ትልሚ ፍሉያት ደረጃታት እንተተረኺቦም ዝውሰድ ስጉምቲ ዝገልጽ ኮይኑ፡ ዝተወሰኑ ደረት እንተተሓሊፎም ድማ ሰራሕተኛታት ናይቲ ቦታ ነቲ ጠንቂ መርሚሮም ከም ኣድላይነቱ ተወሳኺ ናይ ምቅላል ስጉምትታት ከምዘተግብሩ ይገልጽ።

ኤጀንሲ ድሕነት ጥዕና ዩናይትድ ኪንግደም (UK Health Security Agency, UKHSA) ስራሕ ኣብ ዝካየደሉ እዋን ኣብ ከባቢ ግረንፈል ታወር ኣብ ዝርከብ ከባቢ ጽሬት ኣየር ምግምጋምን ምክትታልን ክቕጽል እዩ። ጸብጻባት ጽሬት ኣየር ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ክሕተም ክቕጽል እዩ። እዋናዊ ጸብጻብ ኣብዚ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም፤ [ድሕሪ ባርዕ ግረንፈል ታወር ዝግበር ምክትታል ከባቢ - GOV.UK]

## ከመይ ጌርካ ምሳና ትዛረብ ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ትረክብ

ሓበሬታ ብሓጋዚ ብዝኾነ መንገዲ ክንካፈል ንደሊ። ምስቶም ስራሕቲ ዝተኣሳሰር ሕቶ ወይ ስክፍታ ምስ ዝህልወኩም ወይ ክተዘርዝርዎ ቆጸሮ ክትገብሩ ምስ እትደልዩ ርኸቡና። ናይ ኢመይል ኣድራሻና GrenfellTowerSite@communities.gov.ukእዩ።

ኣብ ዝቕጽሉ ኣዋርሕ ስሩዕ ሓድሽ ሓበሬታን ምክፋል ክንቅጽል ኢና ኣብ www.gov.uk/grenfell-community-updates (ወይ ድማ ኣብ ታሕቲ ዘሎ QR ኮድ ስካን ግበሩ)። ንናይ ኢመይል መፍለጢታት እውን ክትምዝገቡ ትኽእሉ ኢኹም። እንተደሊኹም ስሩዕ ሓድሽ ሓበሬታና ብቐጥታ ብኢመይል እውን ክንሰደልኩም ንኽእል ኢና። ብኸምዚ መንገዲ ሓበሬታ ከነካፍል ምስ እትደልዩ ብስልኪ ቁጽሪ GrenfellTowerSite@communities.gov.uk ርኸቡና።

ምስ ሓለፍቲን ዋና ኮንትራክተርናን ተራኺብኩም ብዛዕባ እቲ ስራሕ ክትዛተዩ፣ ዝኾነ ስክፍታታትኩም ከተካፍሉን ኣብ ስሩዕ ኣኼባታትና ሕቶታት ክትሓቱን ትኽእሉ ኢኹም። ብውልቂ ወይ ብጉጅለ ምሳኻትኩም ኣብ ምቹእ ዝኾነ ሰዓት፣ ዕለትን ቦታን ክንዘራረብ ድሉዋት ኢና።

## ናይ ጥዕናን ጽቡቕ ሂወትን ደገፍ እንተድኣ ኣድሊዩካ

ንሓዘንተኛታት ስድራቤታት፡ ካብ ሞት ዝደሓኑን ኣብ ቀረባ ማሕበረሰብ ንዝርከቡ ነበርትን ኣብ ምሉእ እቲ ንግምቢ ብጥንቃቐ ንምውራድ ዝግበር ስራሕ ስምዒታውን ኣካላውን ድሕነት ይቕጽል።

ዝኾነ ናይ ጥዕና ስክፍታ እንተሃልዩካ፡ በጃኻ ምስ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ተዘራረብ።

ምስ ሓደ ሰብ ክትዘራረብ እንተደሊኻ፡ትኽእል ኢኻ፤

- ናብ ኣገልግሎት ጽቡቕ ሂወት ግረንፈል ብ 020 8637 6279 ደውሉ (8am ክሳብ 8pm፡ መዓልታዊ)
- ኣብ ህጹጽ እዋን፡ ናብ መስመር ምኽሪ ንጽል ነጥቢ መእተዊ CNWL ብ 0800 0234 650 ደውሉ (24 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ፡ ኣብ ሰሙን ሸውዓተ መዓልታት ክፉት)
- ኢመይል፡ grenfell.wellbeingservice@nhs.net
- ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ: www.grenfellwellbeing.cnwl.nhs.uk ተወከሱ

ንእዋናዊ ሓበሬታን ዝርዝር ሓበሬታን ብዛዕባ ዝርከቡ ኣገልግሎታት፡ ኣብ www.grenfell.nhs.uk ተወከሱ።

ንእዋናዊ ሓበሬታታት ብዛዕባ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower)፡ ከምኡ'ውን ንናይ ኢመይል መፍለጢታት ንምምዝጋብ፡ ብኽብረትኩም ናብ፡ www.gov.uk/grenfell-community-updates ኪዱ ወይ ድማ ኣብ ታሕቲ ዘሎ QR ኮድ ስካን ግበሩ።s

ንትራጀዲ ግረንፈል ታወር ምላሽ ዝህብ ስራሕና ብኸመይ ሓድሽ ሓበሬታ ክትቅበሉ ከም እትመርጹ ካባኹም ክንሰምዕ ንደሊ። እንተደሊኹም፡ ናይ ቅልጡፍ ርእይቶ ቅጥዕና ብምምላእ ርእይቶኹም ከተካፍሉ ትኽእሉ ኢኹም፤
ማሕበረሰብ ግረንፈል (Grenfell Community)፤ ቅጥዒ ግብረ መልሲ ርክባት - GOV.UK

**ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ሳይት ምሕደራ**
**ጉጅለ ሚኒስትሪ ኣባይቲ፣ ማሕበረሰባትን ከባብያዊ ምምሕዳርን**
**(Ministry of Housing, Communities and Local Government)።**